ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር الجبهة الوطنية الإرترية المتحدة

Eritrean United National Front

# ደምዳሚ መግለጺ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ኮሚተ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)

ፈጻሚት ኮሚቴ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ካብ ዕለት 02-03 ጥሪ 2024 ካላኣይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣሰላሲሉ ። ኣብ'ዚ ዘካየዶ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼብኡ ፡ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ኣዋርሓት ንግንባራዊ ሂወት ፡ ሃገራዊ ፣ ከባቢያውን ዓለማውን ጉዳያት ኣመልኪቱ ሓበሬታታት ተለዋዊጡ ። ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ፡ ኩነታት ግንባርናን ዝሓለፎም ጉዕዞታትን ፡ ሃገራዊ ፡ ከባቢያውን ዓለማውን ኩነታት መሰረት ጌሩ ፡ ዓሚቕ ገምጋማት ኣካይዱ ፤ ኣገደስቲ ውሳነታት ወሲኑ ፤ መጻኢ ናይ ስራሕ መደባቱ ሓንጺጹ ።

ህዝብታት ኤርትራ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ሰላሳን ክልተን ዓመታት ብሰንኪ ሕሱምን ጨካንን ገባቲ ኣገዛዝኣ ስርዓት ህግደፍ ፡ ስድራ-ቤታት ተበታቲኖም ፤ ሃገር ዓንያ ፤ ቁጠባኣ በሪሱ ፤ እዚ ጥራይ ኣይኮነን ፤ ከምኡ'ውን ካብ ኣሕዋቶምን ፈተውቶምን ተነጺሎም ፤ ኣብ ዕጹው ካንሸሎ ረዳኢ ዘይብሎም ፡ ግዳያት ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኮይኖም ጸኒሖምን ምህላዎምን ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ደጊሙ ኣረጋጊጹ ።

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ፡ ካብ ትማሊ ብዝገደደ ኣብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ከም ዘለዉ ፡ ኣብ ልዕሊኦም ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ፡ ህላወኦም ቀጻልነቶምን ልኣላውነቶምን ፡ ኣብ ጫፍ በጺሑ ከም ዘሎ ገምጊሙ ። ስርዓት ህግደፍ ብዝኽተሎ ዘሎ ናይ ኩናትን ወራርን ፖሊሲ ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ጎረባብቲ ሃገራት ዝገብሮ ምትእትታው ቀንዲ ዕላምኡ ፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ'ምበር ረብሓ ህዝብታትና ማእከሉ ዝገበረ ከም ዘይኮነ ኣረጋጊጹ ። እዚ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ዓቕሊ ጽበት ፋሕጠርጠር ድማ ፡ ብናይ ባዕሉ ዓቕሚ ተኣማሚኑ ዘይኮነስ ፡ ልኡኽ ናይ ሓያላንን ጎባልል ከባቢናን ብምዃን ኢዩ ። ኣካይዳ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ፡ ንቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ፡ ንህዝብናን ንሃገርናን ፡ ከምኡ'ውን ንጎረባብትና ድማ ብፍላይ ፡ ኣብ ቀጻሊ ዕንወትን ምብትታንን ኣእቲይዎ ከም ዘርከበ ፡ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ገምጊሙ ።

ህዝብታት ኤርትራ ፡ ሕጂ'ውን ቀንዲ ጸላኢኦም ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ፈሊጦም ፡ ኩሉ ዓቕምታቶም ጠርኒፎምን ንምውዳቑ ክቃለሱ ከም ዘለዎም ፈጻሚት ኮሚቴ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ደጊሙ ኣስሚሩሉ ።

ፈጻሚት ኮሚቴ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ድማ ብፍላይ እንዳ ፈጸሞ ዝመጸ ገበን ጥራሕ ዘይኮነስ ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ'ውን ኣብ ልዕሊ ሓው ዝኾነ ህዝቢ ሱዳን ዝፍጽሞ ዘሎ ገበን ብትሪ ኮኒኑ ። ገባቲ ውልቀ ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ህግደፍ ፡ በብእዋኑ ኣብ ልዕሊ ጎረባብትና ሃገራትን ህዝብታትን እናካየዶ ዝጸንሐን ዘሎን ወራርን ኢድ ምትእትታውን ንሓዋሩ ብምውጋድ ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ውሽጣዊ ሰላምን ሓድነትናን ንምውሓስ ፡ ሃገራዊ ነጻነትናን ልዑላውነትና ብምዕቃብ ፡ ኣብ ከባቢናን ዞባናን ድማ ሰላምን ምርግጋእን ብምስፋን ፡ ኣብ ምኽብባርን ሕውነትን ዝተመስረተ ጥዑይ ዝምድና ንምምዕባል ፡ ካብኡ ዝጥለብ ናይ ቃልሲ እጃሙ ከበርክት ድሉው ምህላዉ ኣረጋጊጹ ።

ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ፡ ነቲ ከም ፖሎቲካዊ ሓይልታት ፡ ኣብ ሕሉፍ እዋናት ይኹን ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ፡ ክንክተሎ ዝጸናሕናን ዘሎናን ኣገባብ ቃልሲ ፡ ኣድማዕን ውጽኢታውን ከም ዘይምዃኑ ርእዩ፤ ።

ስለዝኾነ'ውን ኩሉ ዓቕምታትና ፡ ብምጥርናፍን ብምውህሃድን ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ከቕንዕ ጸዊዑ ። ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ካብኡ ዝድለ ኩሉ ክገብር ከም ትማሊኡ ድሉው ምዃኑ የረጋግጽ ። ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ፡ ድሕሪ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውረድ ደይብ ቃልሲ ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ቻርተርን ሕገ-ህንጻን፡ ሓደ ሃገራዊ ሓይሊ ንምቛም ተበጺሑ ዘሎ ሓባራዊ ስምምዕ ኣሞጉሱ ። ኤስሃግ ፡ ከም ኣካል ኣምሳል ናይ'ዚ ስምምዕ'ዚ መጠን ፡ ነዚ ዕማም'ዚ ብቐዳምነት ብምስራዕ ንምዕዋቱ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዕቱብ ቃልሲ ፡ ካብኡ ዝጥለብ ኩሉ ከበርክት ድሉው ምዃኑ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ኣረጋጊጹ ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ፡ ካብ'ዞም ናብ ምቛም ሓደ ሃገራዊ ሓይሊ ንምፍጣር ፡ ኣብ ቅድመ ምድላው ካብ ዘሎና ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ወጻኢ ፡ ትርከቡ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ኤርትራ ፡ ኣካል ኣምሳል ናይ'ዚ መስርሕ'ዚ ክትኮኑ ፡ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ የዘኻኽርን ይጽውዕን ። ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ) ምስ ኩሎም ጸረ ውልቀ ምልካዊ ስርዓት ኢሳያስ ህግደፍ ዝኾኑ ፡ ደለይቲ ለውጢ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ፡ ኣብ ዘራኽቡዎ ሓባራዊ ዕላማታትን ዕማማትን ሓቢሩን ተዋሃሂዱን ክቃለስ ዘለዎ ድሉውነት ፡ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ደጊሙ ኣረጋጊጹ ።

ኣብ ዘበነ ጨካን ኣገኣዝኣ ስርዓት ኢሳያስ-ህግደፍ ብሓፈሻ ፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ድማ ብፍላይ ፡ ኣብ ልዕሊ ህልውናን ቀጻልነትን ህዝብናን ነጻነትን ልዑላውነትን ሃገርናን ዘንጸላለዉ ሓደጋታት ንምውጋድ ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ዝተወለዐ ህዝባዊ ምልዕዓልን ናዕብን ነባሪ ዲያስፖራ ህዝብና ብሓፈሻ ፡ ብምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራውያን ብርጌድ ንሓመዱ ድማ ብፍላይ ፡ ኣብ ባይታ ዝተመዝገቡ ዓወታት ፡ ኣድናቖቱን ደገፉን ገሊጹ ። ኣብ ጎድኑ ኮይኑ ፡ ዕምሪ ስርዓት ኢሳያስ ህግደፍ ኣብ ምሕጻር ብዅሉ ዓቕምታቱ ከምዝቃለስ፡ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ደጊሙ  ኣረጋጊጹ ።  ፈጻሚት ኮሚቴ ኢስሃግ ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ ፡ ሃገሮም እሾኽ ኮይናቶም ሂወቶም ንምድሓን ፡ ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን ፡ ምድረ በዳታትን ባሕርን ተሳጊሮም ናብ ሃገራት ምዕራብ ንምብጻሕ ዘሕልፉዎ ዘለዉ ናይ ስደት ጉዕዞን ዘጋጥሙዎም ዘለዉ ሓደጋታት ብዕምቆትን ስፍሓት ፈቲሹ ። ነተን ፡ ዋሕዚ ስደት ኤርትራውያን ከተኣናግዳ ዝጸንሓ ጎረባብቲ ሃገራት ፡ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ዘለዎ ኣኽብሮት ገሊጹ ። ኣብ ክሊ'ዚ ግን  ብሰንኪ ዅናትን ፡ ብልሽውናን ፡ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራውያን ፡ ኣብ ጉዕዞኦም ብደለልቲ ደቂ ሰባትን ካብ መጠን ንላዕሊ ብስሰዕ ዝዓወሩ ሰባትን ፡ ክወርዶም ዝጸንሐን ዘሎን በደልን ዝቐርበሎም ናይ ገንዘብ ክፍሊትን ኣዝዩ ዘይ ሰብኣውን ዘታሓሳስብን ጨካንን ምዃኑ ተገንዚቡ ። እቶም ብደላሎን ኣብ መንገዲ ስደተኛታት እናዓፈኑ ሰፍ ዘይብል ገንዘብ ዝሓቱ ስሱዓት ሰባትን ዝፍጽሙዎ ዘለዉ ነውራም ተግባራት ፡ ኣጥቢቑ ኮኒኑ ። ናብ ሕጊ ቀሪቦም ዝግበኦም ብይን ክዋሃቦም ፡ ዝኽእሎ ኩሉ ምትሕብባር ክገብር ምዃኑ የረጋግጽ ። መንግስታት ጎረባብቲ ሃገራት ፡ ህዝብን ዝምልከቶም ወገናትን ፡ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራውያን ፡ ዝዓርፍ ዘሎ በደላት፡ ኣድህቦ ክገብሩን ፡ ውሕስነት ሰላማዊ ናብራ ዘረኽብሉ ኩነታት ክፈጥሩ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ተማሕጺኑ ። ዓለም ለኻዊ መንግስታት ፣ ናይ ሰብኣዊ ረዲኤት ትካላትን ማሕበራትን ድማ ፡ ንኩነታት ስደተኛታት ኤርትራውያን ብዝምልከት ፡ ካብኦም ዝድለ ቀላሕታን ደገፋትን ክገብሩ ፈጻሚት ኮሚቴ ኤስሃግ ጸዊዑ ።

ፈጻሚት ኮሚቴ  ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር ፡ ንኣባላትን ደገፍትን  ኤስሃግ ፡ ዕላማታት ቃልስና ፡ ናብ'ቲ ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ንምስግጋር ተሰኪሞሞ ዝጸንሑን ዘለዉን ሓላፍነት ፡ እንዳ ኣሞገሰ ፡ ክገብርዎ ዝጸንሑ ኩሉ ሸነኻዊ ኣስተዋጽኦ ብዝበለጸ ክቕጽልዎ ብምዝኽካር ፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼብኡ ዛዚሙ ።

ድሕነትና ብስሙር ቃልስና !!

ዓወት ንህዝባውን ፍትሓውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!!

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና

ፈጻሚት ኮሚቴ፡ ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር (ኤስሃግ)

03 ጥሪ 2024